Bundesamt
für Migration
und Flüchtlinge

# ንናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ዘድሊ ሓበሬታ

ን ኹሎም እቶም ኣብ ጀርመን ንነዊሕ ጊዜ ዝተቐመጡ ወጻእተኛታትን ካብ ናይ ኤውሮጳ ሕብረት ኣባል ዘኾና ሃገራት ዝመጹ ዜጋታት ከምኡ'ውን ናይ ጀርመን ዜግነት ዘለዎም እሞ ብቑዕ ናይ ቋንቋ ክእለት ዘይብሎም

ዝኸበርኩም ዝኸበርኩምን ዜጋታት ደቂ ሃገር
እንተድኣ ከም ወጻእተኛ ኣብ ጀርመን ንነዊሕ ጊዜ ነቢርኩም ወይ ከኣ ካብ ናይ ኤውሮጳ ሕብረት ኣባል ዘኾና ሃገራት ዝመጹ ደቂ ሃገር ዜጋታት ኮይንኩም ወይ ከኣ ጀርመናዊ ዜግነት ሃሊኩም ግን ብቑዕ ናይ ቋንቋ ጀርመን ክእለት እንተዘይብልኩም ኮይንኩም ኣብ ንስደታኛታት ዝምልከት ናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ምል ክታኣቕሪብኩም ኣብ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ
ንምክፋል ክትሓቱ ትኽእሉ።

ገና ናብ ትምህርቲ ዝኸዱ ህጻናት፣ ቆልዑትን መንእሰያትን ናብቲ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ክ ካፈሉ ኣይክእሉን እዮም።

<u>ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ እንታይ እዩ?</u>

ሓፈሻዊ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ 600 ናይ ትምህርቲ ሰዓታት ዘጠቓለለ ኮይኑ ከምኡ'ውን 100 ስዓት ናይ መላለዪ ኣስተምህሮ ዝሓዘለ እዩ። እቲ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ኣብ ነናይ 100 ትምህርቲ ስዓታት ዝተመቕለ ዝተፈላለየ ደረጃታት ኣለዎ። እተን ናይ መጀመርታ 300 ሰዓታት
መሰረታዊ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ክኸውን ከሎ እቲ ካብኡ ቐጺሉ ዘሎ ናይ 300 ትምህርቲ ስዓታት
ትምህርቲ ድማ ናይ ቋንቋ ምምዕባል ዝግበር ትምህርቲ እዩ።
ኣብ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮ ኹምን ምዝራብን ንምጽሓፍን ከገልግለኩም
ዝኽእል ማህደረ-ቓላት ትመሃሩ። እዚ ማለት ምስ ናይ መንግስታዊ ቤት ጽሕፈታት ርክብ ምግባር፣ ምስ ጎረባብት ኹምን መሳርሕትኹምን ምዝርራብ፣ ደብዳቤታት ምጽሓፍን ከምኡ'ውን ፎርምላታት
ንምምላእ ዘኽእለኩም ቋንቋ ትመሃሩ።

እዚ ናይ ምውህሃድ ኣስተምህሮ ብዛዕባ ናብራ ኣብ ጀርመን፣ ኣብዚ ዓዲ ዘሎ ናይ ሕጊ ኹነታትን ባህልን፣ ከ ምኡ'ውን ናይዛ ዓዲ ናይ ቀረባ ታሪኽን ይሕብር ። .

ብተወሳኺ'ውን ፍሉይ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ዝወሃብ ኣሎ። እዚ ክበሃል ከሎ ማለት ከም ን ደቂ ኣንስትዮ፣ ንወለዲ፣ ንመንእሰያትን ከምኡ'ውን ነቶም ኣንቢቦም ጺሒፎምን
ዘይክእሉ ውልቀሰባት ዝወሃብ ኣስተምህሮ ኣሎ። እዚ ዝውሃብ ኣስተምህሮ 1.000 ናይ ትምህርቲ
ስዓታት ዘጠቓለለ ኣስተምህሮ እዩ። እንተድኣ እዚ ኣስተምህሮ እዚ ቀልጢፍኩም ወዲእኩሞ ቀጻሊ ጽዑቕን ዓሚቕ ን ዝኾነ ኣስተምህሮ ንኽትሳተፉ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ድማ 430 ናይ ትምህርቲ
ሰዓታት ይውድእ።
ኣየ ናይ ኣስተምህሮ ንዓኹም ዝሳማማዕ ምኳኑን ኣበየ ናይ ደረጃ ክትጅምሩ ከምእትኽእሉ ንምፍላጥ እቶም ነቲ ት ምህርቲ ዘዳልዉ በዓል መዚ ቅድሚ እቲ ትምህርቲ ምጅማሩ ፈተና የዳልዉ።

<u>ኣብቲ ናይ መደምደምታ ፈተና ምስታፍ</u>

KNr. 630.009j Tigrinya BAMF 12/2016

እቲ ዝግበር ናይ መወዳእታ መርመራ ናይ ቋንቋ መርመራን ካብቲ ናይ መላለዩ ትምህርቲ ዝግበር ፈተና ዘጠቓለ
ለ እዩ። ኣብቲ ዝግበር መርመራ ብቑዕ ናይ ቋንቋ ጀርመን ክእለት ከምዘለኩም
ከተረጋግጹ እንተድኣ ኪኢልኩምን ከምኡ'ውን ነቲ ዝግበር ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራንኣስተምህሮ
ፈተና እንተድኣ ሓሊፍኩም ምስክር ወረቐት “Integration Course Certificate“ ይወሃበኩም።

እንተድኣ እቲ መርመራ ዘይሓለፍኩም ኮይንኩም ግን ኣብቲ ትምህርቲ ከም ዝተሳተፍኩም ዝገልጽን ኣብቲ ፈተና ዝ
ረኸብኩሞ ውጽኢትን ዝገልጽ ሰነድ ይወሃበኩም።

ኣብቲ ዝግበር ናይ መደምደምታ ፈተና ንምስታፍ ዝኸፈል ዋጋ የለን። ብናጻ እዩ።

## ኣብ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ትምህርቲ ምስታፍ እንታይ መኽሰብ ኣለዎ?

ናይ ወጻእተኛታት ዜጋ ዘለዎም እሞ ካብ ሓንቲ ኣብ ናይ ኦይሮጳ ማሕበር ኣባል ዘይኮነት ሃገር
ዝመጹ እንተድኣ ኮይኖም፣ ኣብ ጀርመን ንዘይተወሰነ ጊዜ ዝወሃብ ናይ መንበሪ ፍቓድ ንኸዋሃቦም ሓደ ሓደ ቅድመ
ኩነት ከማልኡ ኣለዎም። ካብቲ ከማልእዎ ዘለዎም ጠለባት ንምጥቃስ፣ ናይ ጀርመንቋንቋ ብቑዕ ፍልጠት ምህላው
ከምኡ'ውን ናይ ጀርመን ሕጊ፣ ናይ ሕብረተሰብኣዊ ቅርጺን ናይ ናብራ ኩነታት ክፈልጡኣ ለዎም። ኣብ ናይ ጀርመን
ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ዕውት ተሳትፎ ምግባር ማለት እዚ ዝተገልጸ ቅድመ ኩነት ተማሊኡ ኣሎማለት እዩ።
ብተወሳኺ ድማ ምናልባት ኣቀዲምካ ናይ ጀርመን ዜግነት ናይ ምውሳድ ዕድል ክህልዎም ይኽእል እዩ።

ኣብቲ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ዝቐሰምኩሞ ናይ ቋንቋ ክእለት፡ ኣብቲ መዓልታዊ መነ
ባብሮ ኹም የቃልለልኩምን ከምኡ'ውን ሥራሕ ናይ ምርካብ ዘለኩም ዕድል ዝለዓለ ይኸውን ማለት እዩ።

## ኣብ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ንምስታፍ ብናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ፍቃድ ምርካብን ኣ ብቲ ነቲኣስተምህሮ ዘዳሉ ቤት ጽሕፈት ምምዝጋብን

ብክብረትኩም ነቲናይ ጀርመን ቋንቋን ኣነባብራን ኣስተምህሮ ንምስታፍ እተቕርብዎ ምልክታ መሉኡን ጽቡቕ ከ
ምዝንበብን ጌርኩም ምልእዎ። እንተደሊኹም ምስቲ ኣብቲ እትነብሩሉ ከባቢ ዘሎ ነቲኣስተምህሮ ዘዳሉ ቤት ጽ
ሕፈት ተራኺብኩም ምልክታ ንምቕራብ ዘድሊ ሓገዝ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ምልክታ ናብቲ ንስኹምእትነ
ብሩሉ ከባቢ ንዝምልከት ናይ ፌደራላዊ ዞባዊ ቤት
ጽሕፈት ልኣኽዎ።

እንተድኣ ኣብዚ ናይ ጀርመንቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ንኽትሳተፉ ፍቓድ ተዋሂብኩም ኮይኑ ካብቲ ዝምልከ
ቶ ናይ ፈደራላዊ ቤት ጽሕፈት ብጽሑፍ መልክዕ ሓደ ንምስታፍ ዘብቅዕ መረጋገጺ
ሰነድ ይወሃበኩም። ከምኡ'ውን ኣብቲ እትነብሩሉ ከባቢ ከምዚ ዓይነት ናይ ጀርመን ቋንቋንኣናባብራንኣ
ስተምህሮዘዳልዋቤት ጽሕፈታትኣስማትዝርዝርዘለዎጽሑፍይወሃበኩም።

እቲ ዝተዋሃበኩምኣብ ናይ ምውህሃድኣስተምህሮንምስታፍዘብቅዕ ፍቃድንሓደዓመት
የገልግል። ኣብቲ ናይ መረጋገጺ ሰነድ ካብ መዓስ ስጋብ መዓስ ከምዘገልግል ኣብተን ነዚ
ትምህርቲ እዚ ዘዳልዋ ቤት ጽሕፈታት ክትምዝገቡ ከምእትኽእሉ ዝገልጽ ዉሱን ዕለት ኣለዎ።
እንተደንጎየ ስጋብእቲ ኣብቲ ሰነድ ተመልኪቱ ዘሎዕለት ኣብ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራንኣስተምህሮ ን
ምክፋል ኣብ ሓደ ካብተን ነዚትምህርቲ እዚ ዘዳልዋ ቤት ጽሕፈታት ክትምዝገቡ
ትክእሉ ወይ ትግደዱ። ስለዚ ብኽብረትኩም ብእዋኑ ተመዝጊብኩም ነቲዝተዋህበኩም ናይ መሳተፊ መረጋገጺ ሰነ
ድ ነቲዝምልከቶ ኣዳላዊ ቤት ጽሕፈት ኣረክብዎ!

እቲ ናይቲ ትምህርቲ ኣዳላዊ ቤት ጽሕፈት ኣቐዲመእቲ ትምህርቲ ዝጅምረሉ ዕለት ክነግረኩም
ኣለዎ። እቲ ትምህርቲ ዝጅምረሉ ዕለት ካብቲ ዝተመዝገ ብኩምሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ

ሰሙንከጅምር ኣለዎ። እንተድኣ እቲ ትምህርቲ ኣብዚ ጊዜ እዚ ዘይጅመር ኮይኑ እቲ ዝምልከቶ ቤትጽሕፈት ክ ሕብረኩም ኣለዎ። ድሕሪኡ ክትጽበዩ ትደልዩ እንተኾይንኩም ትጽበዩ እንተድኣ ክትጽበዩ ዘይትደልዩ ኮይንኩም ግን ኣብ ካልእ ከምዚ ኣስተምህሮ ዘዳሉ ቤት ጽሕፈት ንምምዝጋብ ናይ ባዕል ኹምውሳኔ ትገብሩ። ኣብ ከምዚ ኹነታት እዚ እቲ ኣዳላዊ ቤት ጽሕፈት ነቲ ዘረኸብኩሞ ናይ መሳተፊ መረጋገጺ ሰነድ ክመልሰልኩም ኣለዎ።

<u>ግደታዊ ተሳትፎ ኣብትምህርትን ኣስተምህሮን</u>

እቲ ዝወሃብ ናይ ቋንቋን ኣነባብራን ትምህርትን ኣስተምህሮን ምእንቲ ክዕወት ኩሉ ዝምልከቶ ኣካል ክሳተፍ ግዴታ ይህልዎ። እዚ ማለት ከኣ፣ ኣብ ትምህርቲ ብስሩዕ ምርካብን ኣብቲ ዝግበር ናይ መዛዘሚፈተና ምስ ታፍን የጠቓልል። ስሩዕ ተኻፋልነት ኣብዚ ዝተጠቕሰ መደባት ትምህርትንኣስተምህሮን ፣ ናይ መንዓዝያ ሓገዝ ንምርካብን፣ ኣብ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ሰዓታት ምስ ታፍን ኣገዳሲ እዩ። ኣብቲ መደብ ትሳተፍ ኣለኻ ወይ 'ሲየለኻን ንምርግጋጽ ዝሕግ ዝጽሑፋዊ ሰነድ ምስ እትደሊ ድማ፣ እቲ እትመሃረሉ ቤት-ትምህርቲ ወይ ዝምህረካ መምህር ብምውካስ ክወሃበካ ይኽእል።

ብሓፈሻ፣ ካብ ሓደ ቤት-ትምህርቲ ናብ ካልእ ቤት-ትምህርቲ ምቕያር ዝከኣል፣ ሓደ ዝተወሰነ ክፋል ናይቲ ዝወሃ በካ ትምርህቲ ምስ ወዳእካ ጥራይ እዩ።

<u>ኣብ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ንምስ ታፍ ዝኽፈል ገንዘብ</u>

ነቲ ናይ ጀርመን ቋንቋን ኣናባብራን ኣስተምህሮ ዘዳሉ ቤት ጽሕፈት ኣብቲ ኣስተምህሮ ናይ ምክፋልኩም ዋጋ 1.95 ይሮ ንሓደ ናይ ትምህርቲ ሰዓት ክትከፍሉ ኣለኩም። እዚ ክኽፈል ዘለዎ ዋጋ ቅድሚ ምጅማሩ 100 ናይ ትምህርቲ ሰዓታትን እቲ ናይ መላለዪ ኣስተምህሮ ደረጃ ምጅማሩ ክኽፈል ኣለዎ። እንተድኣ ኣብቲ ናይ ትምህርቲ ስዓታት ዘይተኻፈልኩም ኮይንኩም ናይቲ ዘይተ ኻፈልኩሞ ሰዓታት ዋጋ ክምለሰልኩም ኣይክእልን እዩ። እንተድኣ ናይ ባዕልኹምደሞዝ ዘይብልኩም ኮይኑ እ ቲ ንመነባብሮ ኹምዝኸፍለልኩም ውልቀሰብነዚ ዝኽፈል ገንዘብ ክኸፍለልኩም ሓላፍነት ኣለዎ።

እንተድኣ ናይ ሥራሕ ኣልቦነት ገንዘብ ሓገዝ (Arbeitslosengeld II) ወይ ናይ መነባብሮ ሓገዝ (Sozialhilfe) ትወስዱ ኮይንኩም ወይ ከኣ ደሞዝኩም ውሑድ ኮይኑ እሞ ነቲ ዋጋ ምኽፋል ኣዝዩ ዘሸግረኩም ኮይኑ ካብ ምኽፋል ነጻ ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። እንተድኣ ካብ ምኽፋል ናጻ ክትባሃሉ ኮይንኩም ኣ ብቲ እትነብሩሉ ዞባ ዘሎ ናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት (ዝርዝር ኣድራሻታት ተመልከት) ብጽሑፍ መልክዕ ከተመል ክቱ ኣለኩም። ብኽብረትኹምነቲ ዘድልየኩም ቁጠባዊ ሓገዝ መረጋገጺ (ቅዳሕ ግቡዕነት ዘለዎ ምስክር ወረቐት ከም ናይ ስራሕ ኣልቦነት ሓገዝ ካልዓይ ብርኪ፣ ወይ ናይ መነባብሮ ሓገዝ፣ ናይ መንበሪ ገዛ ሓገዝ፣ ናይ ተማሃ ራይ ልቃሕ [BAFöG]፣ ናይ ቆልዓ ሓገዝ፣ ብመሰረት ንዕቑባ ሓተ ቲ ዝወሃብ ሓገዝ ሕጊ ትረክብዎ ሓገዝ፣ ካብ መዓልታዊ ክንክን ክፍሊት ናጻ ምኳን፣ ካብ ክፍሊት ፈቓድ ቴሌ ቪዥንን ሬዲዮን (GEZ) ናጻ ምኳን፣ ናይ ከባቢ መነባብሮ ትኬት፣ ወዘተ.)፡፡ ዝካኣልተኮይኑ፣ ቅድሚትምህርቲ ምጅማርኩም ብኽብረትኹምነቲ ማመልከቻ የእትዉ፡፡

<u>እቲ ዝተኸፍለ ዋጋ ናይ ምምላስ ዝምልከት ጉዳይ</u>

እንተድኣ ድሕሪ ዕለት 08.12.2007 ኣብ ናይ መደምደምታ ፈተና ተኻፊልኩምስ ዕዉት ወጽኢት ኣምጺእኹም፣ እቲ ናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት 50% ናይቲ ዝኸፈልኩሞ ገንዘብ ክምለሰልኩም ይኽእል እዩ ። እዚ ክኸውንከሎ ግን ኣብ ሞንጎ እቲ ናይ ተኻፋልነትኩም ዝገልጽ ሰንድ ዘውጽኣኽምሉ ዕለትን እቲ ናይ መደምደምታ ፈተና ዝተኻፈልኩምሉ ዕለት ካብ ክልተ ዓመት ዘይበዝሕ ፍልልይ ምስ ዝህልዎ ጥራሕ እዩ። ስለዚ እቲ ዝኸፈልክሞ ገንዘብ ንኽምለሰልኩም ኣብቲ እትነብሩሉ ዞባ ንዝርከብ ዝምልከቶ ናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ምልክታ ከተቕርቡ ኣለኩም።

ንመንዓዓዚ ዝኸፈል ዋጋ

ናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ስደትን ስደተኛታትን ነቶም ወጻኢታት ካብ ምክፋል ናጻ ጌርኩም እንተኮይኑ፣ ብሓፈሽኡ ንመንዓዓዚ ዝኸፈልኩሞ ገንዘብ ክምለሰልኩም እዩ፡፡ ኮይኑ ግና እቲ ትማሃሩሉ ቦታ ካብ እትነብሩሉ ቦታ 3 ኪ.ሜ. ክርሕቕ ኣለዎ፡፡ ብመሰረቱ ናይ መንዓዓዚ ክፍሊት ክኸፈል ዝኽእል ናብቲ ካብ ኩሉ ዝቐረበ ቤት ትምህርቲ ትማሃሩ ተኮይንኹምጥራይ እዩ፡፡
ብኽብረትኹምነቲ ትምህርቲ ዝህበኩም ትካል ናብ ከባቢ ቤት ጽሕፈት ናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ንስደትን ስደተኛታትን ናይ መንዓዓዚ ክፍሊት ንምርካብ ክተመልክቱ ይግባዓኩም ምኳኑ ንምፍላጥ ሕተቱ፡፡
ብመሰረቱ ናይ መንዓዓዝያ ዋጋ ክኸፈል ዝኽእል ኣብቲ ናይ ኣስተምህሮ ትምህርቲ ብዘይምቁራጽ ምስእትካፈሉ ጥራሕ እዩ።

ክትትል ቋንቋ ትምህርቲ ምድጋም

ኣብእዋን መርመራ ቋንቋ ጀርመን እኩል ክዕለት ከምዘለኩም ንምርግጋጽ ዘይካኣልኩም፣ ንሓደ ጊዜ ጥራይ ክሳብ 300 ትምህርቲ ሰዓታት (ነይቲ ትምህርቲ ቋንቋ) ደጊምኩም ክትማሃሩን ነቲ መርመራ ናይ ቋንቋ ክእለት ንካልዓይ ጊዜ ብናጻ ክትወስዱ ትክእሉ፡፡ ኮይኑ ግና፣ ነዚ ንምግባር ግድነት ብቐጻሊ ብዘይምቁራጽ ነቲ ትምህርቲ ክትስዕቡ ትገደዱ ኢኹም፡፡

እንተደኣ መሰረተ ትምህርቲ (ምንባብን ምጽሓፍን) ተማሃሩ ሓሊኩም፣ መርመራ ናይ ቋንቋ ንኽትካፈሉ ኣይትግደዱን፡፡

ናይ ትምህርቲ ሰዓታት ንምድጋምነቲ ዝምልከቶ ከባቢያዊ ቤት ጽሕፈት ናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ማመልከቻ ክተዕትዉኣለኹም፡፡

ተወሳኺ ክትፈልጥዎ ዝግበኣኩም ኣገዳሲ ሓበሬታ

ኩሉ'ቲ ኣብ'ዚ ዋና መምርሒ-ሰነድ ዝተጠቕሰ ኣገደስቲ ቅጥዕታት፣ ኣብቲ እትመሃረሉ ቤት-ትምህርቲ ወይ ትካል ወይ ውን ኣብ ከባቢያዊን ዞባውን ኣብያተ-ጽሕፈታት ኢምግረሽን ብቀሊሉ ክትረኽቦ ትኽእል። ብዜካ'ዚ ኣብ ኢንተርነት ኣቲኹምነዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ብምጥዋቕ ክትረኽብዎ ትኽእሉ። www.bamf.de፡፡

እዚ መምርሒ-ሰነድ እዚ፣ ንተሳትፎ ኣብቲ ዝወሃብ ናይ ቋንቋን ኣነባብራን ትምህርትን ኣስተምህሮን ንስምታፍ ዝሕግ ዝኣገዳሲ ሓበሬታ ዝሓቆፈ እዩ። ብዛዕባ'ዚ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ፣ ኣብቲ ትመሃሩሉ ቤት-ትምህርቲ ክትረኽቡ ትኽእሉ።

ነቲ ብዝተፈላለያ ትካላት፣ ንኣብነት፣ ብኣብያተ-ጽሕፈታት ኢሚግሬሽን ዝወሃብ ምኽርን፣ ንመንእሰያት ስደተኛታት ዝወህብ ናይ ኢሚግረሽን ኣገልግሎትን፣ ብድቂቕ ኣስተብህሉሉ። እዘን ትካላት እዚኣተን ኣብ ምምላእ ቅጥዕታትን፣ ዘለካሕቶታት ኣብ ምምላስን፣ ምሳኻ ዝሰማማዕ ናይ ኣነባብራ ትምህርቲ ኣብ ምርካብን ዓቢ ሓገዝ ክበርክታል ካይኽእላ። ነዘን ዝተጠቕሳ ሓገዝቲ ማሕበራት ንምርካብ ነቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ወይ ውን ናይ ዞባ ኢሚግረሽን ቤት-ጽሕፈት ክትሓትት ትኽእል። ብዜካ'ዚ ኣብ ኣብ ኢንተርነት ኣቲኹምነዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ብምጥዋቕ ብዛዕብኡ እኹል ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ። www.bamf.de::

ብኽብረትኩም ኣስተብህሉ፣ -ኣብ ናይ ቋንቋ ትምህርትን ናይ ኣነባብራ ኣስተምህሮን ኣብ እትሳተፍሉ እዋን ኣብ መንገዲ ይኹን ኣብ ከባቢኹም ክጋጥም ንዝኽእል ሓደጋታት፣ ካብ ወድዓዊ ናይ ሓደጋ ውሕስነት ወይ እንሹራንስ ወጻኢ እዩ።